# ኣይኒ"ቖራርሳ!!
## ብዳዊት ክፍለዝጊ፡ ሕ/መ/ኤ/

ኣይኒ"ቖራርሳ ከየንቀጥቅጥ ከርሳ፡
ሕዛሎና፡ነውርድ፡ ካብ ሓጥኣት ኣበሳ፡
ምክብባር ሲኒት ውህደትና ነንግሳ፡ ክንኮና መለሳ፡

ዓገብ ትብል ኣላ ኤርትራ ብቑንዳ፡
ወዘልዘልና ሪኣ ግናይ ኣካይዳ፡
ወገነይ ወገንካ ብዓሌት ብእንዳ፡
ይወሳስኸላ መመሊሱ ገዳ፡
ናይ ጵባሓ ርእያ ከይከብዳ፡ቲ"ዕዳ፡

ሓሚማ እንከላ ቡዙሕ ተደኒሳ፡
ኣብ ክንዲ ንፍዉሳ፡ ንጎድኣ ,ነራኽሳ
እንዳ ፈለጥናዮ መድሃኒታ፡ ፈውሳ
እንታይ ጠቅሚ ሎዋ ንድሕሪት ንመልሳ

ኣብክንዲ ንድሕነታ ንሰምር ፡ንእከብ
ህልኽ ተሰኒና ኣብ ዘርጋ፡ ንርከብ፡
ክፍእና ኣብ ቅርዓት ኣውጺኡ፡መንገብገብ፡
ስቕታና ዘይዱ ዘበት የለን ዓገብ፡

ምድጋሙ ዘሕፍር ናይቶም ሰብ ውራዩ፡
ሰብ ሎኡኺት ሓሊቦ ንበይኖም ዝጎዩ፡
ብወገን ብዓሌት እንዳ ጎዛዘዩ ፡
ጸልማት ተወንዚፎም ኣብ ኣጋ ምምሰዩ፡
ሰብ እከይ ሙሁዞታት እሾኽ እንዳ ጸፈዩ፡
ኣይፍልናን ፡ንበሎም ነቶም ዘጋግዩ!

ሓንቲ ክንስና ደቂ ሓንቲ ማይቤት፡
ማህደር ዎሎዶና ታሪኻዊ ሰረት፡
ናይ ሓባር ማኣዲ ንሱዩ ኣብነት፡
ሰግለለት ናይ ሰማይ ጠሊ ለዋ መሬት፡

ኢሂን ቢሂን ነንግሳ ውህደትና ነጣልል፡
ቁልቁለት ወሪድና ዓቀብና ክቖልል፡
ዑቑባ ዓባይ ዳዕሮ ትእክብ ተጽልል፡
ኢደይ ኢድካ ንበላ ጉዑዞና ክቀልል።

ፍረ ጻማ ህልኽ ዕርበት ትንፋስ ትልኽ፡
ኣዋድቓ ፈረስ መን ኣሎ ዝመልኽ፡
ትርፎ ሰናይ ንጹቡቕ ዝሰርሕ ናብ ዓወት ዘምርሕ፡

ኣይቲ ጎጃጁሉ መፍቶ ዓሓላሉ፡
ዝወለደ ከስዔ ልባ ተመቂሉ፡
ሕሰማ ንውሽጢ ሰውነት ቆሲሉ፡
ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ዝኸበደ ጾሩ ሕዛሎአ እሩሩ፡
ሰንኪ ቶም ዓመጽታ ሩጉማት ቶኺሉ

ኣብ መወዳእታ ነበረት ከይት ኾውን፡ ዘርሚ ዞርሞ፡
ህዝብና ኣብ ምድሓን ጉቡእና ንዕመሞ፡
ንሰራራዓዮ ቅድም ነቐድሞ፡
ራህዋ ሎዎ፡ቡዙሕ ዝሓሰሞ፡
ጉዞ ንሓርነት መሰል ዝተሓርሞ፡
ብዘይ ዋዓል ሕደር፡ ታሪኽና ንድገሞ፡

እልፊ ኣእላፍ ዝወሰደት ሂወት ደቂ ህዝቢ፡
ሓደ ድሕሪ ሓደ ቀዳሚ ሳዓቢ፡
ኣይፋልናን ንበሎ ናይ ጥፍአና ሰርቢ፡
ራኢና ንጽባሕ ኣተኩሮ ቀልቢ፡

ኣይንቆራርሳ ምልአታ ኣቦቱኡ፡
ዕድል ኣይንሃቦም ሰላምና ዝጸልኡ
ንዓኻ መሲሎም ክፋኦም ዝጎስዑ
ሰኪዔት ዋሃዮ ቁርዲድ ዝጽጉዑ፡
ዶርሆ ከይ ነቆወ ህዝቦም ዝኸዱዑ፡
ንውልቂ ኣምሊኾም ታሪኽ ዘዘንቡዑ፡

ንሳነ ዶ! ሃገራዊ ሲኒት ኣብ እዋኑ፡
ኣበቶም ክንከውን ደበስ ዝሓዘኑ፡
ተሳኒኺ ሂወት ከቢድ ዩ! ሚዛኑ
ህዝባ ዝነደየት ሃገርያ ትዓኑ፡
ብሰንኪ ምልካውያን ናይ ጥፍአት ደያኑ
ስርዓት ኣልቦ ቀይናን ብቀይናኑ፡

ስመርርር ደላይ ፍትሒ ኣብ ሓንቲ ኤርትራ
ሙጉጅጃል ወጊድ ናይ ጥፍኣት ታኼላ
ድኽመታትና ንጸግን ጎዲላታ ዘላ
ባይቶ ዓደቦና ሓድነት ጽላላ፡ ሓባራዊ ዋዕላ፡
ፍረ ሱዋአትና ራህዋ ኣብ ምጥላላ፡
ብቓና ሓርነት ተንበልብል ባንዴራ፡ ዕቤታ ኤርትራ፡

ዘለኣማዊ ዝኽሪ ሰማእታትና!!
ብሰላም ይደበስ ህዝብና!!